# ብኸመይ ብሩሽ ከምትገብር

- ✓ ልስሉስ ብረስትል/ጭሕምን ንኸሽቶ መጠን ርእስን ዘለዎ ብሩሽ ስኒ ተጠቐም
- ✓ ፍሉራይድ ስኒ ተጠቐም
- ✓ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ብሩሽ ምግባር
- ✓ መጽረዪ ስኒ ጡፍ ምባል ይኹን እምበር ብማይ ኣይትሕጠቡ



ንግሆ ኹነ ምሸት ቅድሚ ምድቃስካ ብሩሽ ምግባር።



ኣብ ልስሉስ ብሩሽ ስኒ ግዝፊ ፋል መጠን ዘለዎ ፍሉራይድ ስኒ ተጠቐም።



ክቢ ዝኾነ መንቀስቐሲ ጌርካ ንወጻኢ ስኒታት ኣጽርዮ። ብሓደ ገጺ ጀምር ክሞ ናብ ኻልእ ኩሉ ኣፍ ምኻድ።




ነቲ ግርጻን ምእንቲ ኽተጽርዮ ንውሽጣዊ ጽፍሒ ነፍሲ ወከፍ ስኒ ኣጽርዮ።



ነቲ ኣብ ሳዕሪ ዘሎን ታሕተዋይን ኣስናን ብህድኣት ኣጽርዮ። ብሓደ ገጺ ጀምር ክሞ ክሳዕ ኩሉ ኣፍካ ስዓብ።

# ብፈትሊ/floss ብኸመይ ከምተጽርዮ

ብረሽ ስኒ ክትበጽሖ ኣብ ዘይትኽእለሉ ቦታ ንምጽራይ ፈትሊ/floss ተጠቐም። ነቲ ኣብ መንጎ ኣስናን ዘሎ ሓባጥ ጉባጥ ናብ ላዕሊ ኾነ ናብ ታሕቲ ብምንቅስቓስ ምውጋድ።



### ናይ ኣፍ መጉመጽመጺ ክጥቀም ኣለኒ’ ዶ?

ብናይ ስኒ ሞያተኛ  እንተ ደኣ ተኣዚዙካ ጥራይ ኢኻ ንኣፍካ መጉመጽመጺ ትጥቀሞ።

---

## ንክተዘራርብ

ናይ NSW ሕዝባዊ ሕክምና ኩሩምቲ/ስኒ ኣገልግሎት መዲኬር ካርዲ ንዘለዎም ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾኑ ሕጻውንቲ ኩሉ ብዘይ ምንም ክፍሊት ናይ ስኒ ሕክምና ይውሃቦም እዩ።


ኣብ NSW ንዝነብሩ ጉርዞታት ናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ናይ ዋጋ መቀነሲ ካርዲ ንዘለዎም ብናይ NSW ሕዝባዊ ሕክምና ስኒ ኣገልግሎት ኣቢሉ ብናጻ ናይ ስኒ ሕክምና ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ NSW ሕዝባዊ ሕክምና ስኒ ኣገልግሎት ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ

ብስልኪ **1800 679 336** ወይ በዚ ዝስዕብ ድረገጺ ኣቲኻ ምርኣይ
**https://www.health.nsw.gov.au/oralhealth/Pages/info-patients.aspx**



ስኒኻ ንጉሆን ምሸትን ምብራሽ



ተወሳኺ ፍራፍረን ኣትክልቲታት ምብላዕ



ንማይ ከም መስተ ጌርካ ምምራፅ



ቐጻሊ ዝኾነ ብተደጋጋማይ ናይ ስኒ መርመራ ምግባር

May 2023 © NSW Health. SHPN (COHS) 240178-16-Tigrinya.